# ኣተኩሮ ኣብ ኩብዲ ቤት . . .

"… እምበኣር፡ ምዕባይ ቆልዓ ገንዘብ ዘይዕድጎ፡ ኣርኣያ ብምኳን ድኣ፡ ምምልማል፡ ምኹስኳስ፡ ምጽልጻል፡ ምጽራብ፡ ወዘተ ዚሓትት፡ ኣዝዩ ዓቢ ሓላፍነት እዩ።

ቆልዑ ክቡራት ኣቒሓ ሕድሪ ከም ምኳኖም መጠን ድማ፡ ከምቲ ዋንኣም ኰይኖሞ ኺዓብዩ ዚደልዮም ምእንቲ ኺዓብዩ፡ ፍልጠት፡ ምስትውዓል፡ ጥበብ፡ ሰለስቲኦን ኣብቲ ምዕባይ ቆልዑ ዓቢ ግደ ከም ዘለዎን፡ እቲ ብዓል ሕድሪ ኺፈልጦ፡ ኣጽኒዑ ድማ ኺሕዞ ናይ ግዲ እዩ።

እቲ ንፍርሃት እግዚኣብሄር መሰረት ናይ እዘን ሰለስተ እዚኣተን ዚገብር ወላዲ ድማ ኸይተዓወተ ከቶ ኸምዘይተርፍ እቲ ቃል እሙን እዩ።



---- ዝገበርናዮ እዮም ዝገብሩ ----

## ኣላምዶ . . . .

**ከምቲ ንሱ፡ በቲ እዋን እቲ ዚነበሮ ጥበብ፡ ቅድሚኡ ይኹን ብጊዚኡ ዘይነበረ፡ ሕጂ ዘየሎ፡ ድሕሪ ሕጂ'ውን ዘይህሉ፡ ንጉስ ሰሎሙን ከምዚ ይብል፡**

> ንቘልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኣ መገዲ ኣላምዶ፡ እሞ ምስ ኣረገ ኻብኣ ኣይኪግልስን እዩ። (ምሳ 22፡6)

**ምስጢር ናይ እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ፡ በታ ሓንቲ፡ "ኣላምዶ" እትብል ቃል ንጹር እዩ። "ኣላምዶ" ኺብሃል ከሎ፡ ምሃሮ፡ ንገሮ፡ ተዛረቦ፡ ምዓዶ፡ ተቛየቆ፡ ግንሓዮ፡ ወዘተ ማለት ኣይኰነን።**

**ነዚ ኹሉ እዚ እኳ ዚጥርንፍ እንተኾነ "ኣላምዶ"፡ ኣርእዮ፡ ምእንቲ ኺስዕበካስ፡ እታ እትውሰድ ቀዳመይቲ ስጉምቲ ውሰድ፡ ኣርኣያ ኹኖ፡ ነቲ እቲ ቘልዓ ኺገብሮ እትደልዮ፡ ከመይ ብኸመይ ከም ዚግበር ብተግባር ኣርእዮ የስምዕ።**

**ብኻልእ ኣበሃህላ፡ እቲ ቆልዓ ተዓዚቡ ኺገብሮ እምበር ሰሚዑ ኸተግብሮ ኣይ ተጸበዮ፡ ካብ እትንገሮ ኣርእዮ ማለት እዩ።**

**ሎሚ ምስ ቆልዑን ወለድን ዚዓዪ ሓደ ሰብ፡ ብዛዕባ ሕሉፍ ተሞክሮኡ ዘኪሩ ብምስትንታን ይዛረብ፡ "ሕጂ ተመሊሰ ኺርእዮ ከሎኹስ፡ ንደቀይ፡ እቲ ኣነ ዝብለኩም ድኣ'ምበር እቲ ኣነ ዝገብሮ ኣይትግበሩ እብሎም ከም ዝነበርኩ፡ ደሓር እዩ ተረዲኡኒ" ይብል።**

**ብሕጽር ዝበለ ኣበሃህላ፡ ነቶም ደቁ ምሳሌ፡ ወይ ኣርኣያ ኪኾኖም ዚኽእል ገለ እኳ ይህቦም ከም ዘይነበረ እዩ ዚብል ዘሎ። ሓደ ካብቲ ምኽንያት ድማ፡ በቲ እዋን እቲ፡ ንሱ ዚገብሮ ካብ ዚነበረ፡ ኣብቶም ደቁ ዘይምነዮ፡ ገለ-ገለ ኣመላትን ጠባያትን ስለ ዝነበሮ ምኳኑ ይገልጽ።**

**ቀጺሉ፡ "ወዮ ድኣ እቲ ሽዑ ኣይፈልጥኩዎን እምበር ለካስ፡ ካብቲ ንኸይገብርዎ ዚነግሮም ዝነበርኩ፡ ነቲ ኣነ ኽገብሮ ዚርእዩኒ ዝነበሩ እዮም ዚገብሩ። እሞ፡ ነቲ ዝብሎም ዝነበርኩ ሰሚዖም ከምቲ ዝብሎም እምበር ከምቲ ዝገበርኩዎ ንኸይገብሩ ምጽባየይሲ ፍትሒ ዘይብሉ፡**

ጌጋዶ ኣይኰነን?" ይብል።

እዚ ዚብሎ ዘሎ ዜመክሕ ኣይኰነን። ምኽንያቱ፡ በቲ መገዱ፡ ፍቕርን ሓልዮትን ንደቁ ከም ዝነበሮ ዘየጠራርጥር እዩ። ከምዚ ናቱ እንብልሲ ክንደይ ኰን ንኸውን? እቲ እዚ ሰብ እዚ ዚብሎ ዘሎስ ይምልከተኒዶ ኹን ይኸውን ኢሉ ገዛእ ርእሱ ዚምርምር ሰብ፡ ልቦና ዜርኢ ምስ ጥበብ ዚማኸር ሰብ ምዃኑ እዩ።

ሊቃውንቲ ዘካይድዎ መጽናዕቲ ብተደጋጋሚ ካብ ዚሕብርዎ፡ ቆልዓ ካብ እቲ ዚተባህሎን ዚተነገሮን፡ እቲ መብዛሕትኡ ዚገብሮ፡ ነቲ ኺግበር ዚረኣዮ ወይ ድማ እቲ ዚተነግሮ ብዚርእ ተሰንዩ ምስ ዚለማመዶ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ዘረጋገጽዎ ሓቂ እዩ።

ሓደ ሰብ፡ ቍጽሪ ቴሌፎን ንምዝካር፡ ኣብ ቅድሚኡ ቴሌፎን ገይሩ ኣጻብዑ ይጥቀም። እተን ዝተለማመዳ ኣጻብዑ ድማ ከምታ ዝተለማመድኦ ኽይተጋገያ የርእያኦ።

ንምልማድን ምምሃርን ብዚምልከት፡ ሓደ ጊዜ ንሓያለ ቆልዑ፡ ኣብ ክልተ ጉጅለ መቒሎም፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ኣቐሚጦም መጽናዕቶም ኣካየዱ። ኣብ ጉጅለ ቁጽሪ ሓደ ዝነበሩ ቆልዑ፡ ኣብቲ ትምህርቶም ርእዮምን ተዓዚቦምን ድማ ከም ዚለማመድዎ እዩ ነይሩ።

እቶም ካልኣይ ጉጅለ ግና፡ እቲ ዚመሃሩዎ ዚነበሩ፡ ይንገሮም ጥራይ እዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእትኡ እቶም ኣብቲ ቐዳማይ ጉጅለ ዚነበሩ ቆልዑ ነቲ ዚተማህርዎ፡ ገለ ካብ እቲ ዝተነግሩዎ እኳ እንተ ረስዑ፡ ከምተን ኣቐድም ኣቢልና ዝጠቐስናየን ኣጻብዕ ብግብሪ ኼርእይዎ ኸኣሉ። ኣብቲ ባህርያቶም ድማ ኬንጸባርቕ ተራእየ። ብኣንጻሩ እቶም ኣብቲ ኻልኣይ ጉጅለ ዚነበሩ ቆልዑ፡ መብዛሕትኦም ነቲ ዚተባህሎም ዳርጋ ብምሉኡ ረሲዖሞ። መሰነይታ ብግብሪ ዚረኣይዎ ነገር ስለ ዘይነበረ ድማ፡ ኣሸንኳይዶ ብተግባር ኬርእይዎ ወይ ኣብ ባህርያቶም ከኣ ኼንጸባርቕሲ ይትረፍ፡ እንታይ ከም እተባህሎም እኳ ንኺዝክሩ ኣሸገሮም።

እምበኣርሲ፡ እቲ "ኣላምዶ" ዚብል ቃል፡ ነቲ እቲ ቆልዓ ኺገብሮ እትደልዮ፡ ከመይ ጌርካ ከም ዚግበር ኣርእዮ፤ ነቲ ዘርኣኻዮ ክሳዕ ዚመልኮ ድማ ሰለይ ኣብሎ የስምዕ። ብሕልፊ እኳ ድኣ በዚ እዋናት'ዚ ምስ እቲ "ቆልዓ ከም መዕባዩ ይዓቢ" ዚብል ኣበሃህላ ቐደም ኣይሳነን።

ቆልዓ ፍትሐኛ ኪኸውን ምስ እን ደልዮ፡ እቲ ዝበለጸ ኣብ ህይወትና ኽነርእዮ ደሓር ብቓል ኺንደግመሉ እዩ። 'ቆልዓን ጽላሎትን ሓደ' ከም ዚብሉዎ፡ እቲ ዚበልጸ ግና ምስ እነርእዮም እዩ።

ዝበልካዮ ዘይምጥላም። ኣብ ቃልካ ምጽናዕ። ቆልዓ'ዩ፡ እንታይ ኽይፈልጠ ኢልካ ሸለል ዘይምባል። መቕጻዕቲ እውን እንተ ኾነ ኣብ ግብሪ ኣውዕሎ። ብሃወኽ ዝገበርካዮ፡ ዘይግቡእ ኲይኑ ተሰሚዑካ ሓሳብካ እንተ ለወጥካ ኸኣ እቲ ምኽንያቱ ነቲ ቆልዓ ኣካፍሎ። ዓበይቲ ከም ዚጋገዩ፡ ኺፈልጥ፣ ተጋግዮም ድማ ይቕሬታ ከም ዚሓትቱ ኺርኢ ንእኡ ዓቢ ትምህርቲ ናይ ምልምማድ እዩ።

ሓቂ ተዛረብ። እቲ ቆልዓ ከይጸልኣካ ወይ ምግላጹ ስለ ዝጨነቐካ፡ ዘይኰነ ምኽንያት ኣይትንገሮ። ውዒሉ ሓዲሩ ኺርድኦ እዩ፡ ንዓኻ ድማ ኺመዝነካ እዩ።